# አገደስቲ ሓበሬታት ብዛዕባ መሰርሕ ዑቕባ

ዝኾነ ይኹን ናይ ሳልሳይ ሃገር ነባሪን ዜግነት አልቦ ዝኾነ ሰብ ናይ ዑቕባ መመልከታ ናይ ምእታው መሰል አለዎ :እቲ ናይ ዑቕባ መስርሕ ብነጻነትን ድልየትን ዝግበር ኮይኑ ብነጻ እዩ ዝካየድ።

## 1. ናይ ዑቕባ መመልከታ ወይ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ፡

***ሓተቲ ዑቕባ ወይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ፡***

ንናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ዝሓቱ ሓተቲ ናይ ሳልሳይ ሃገር ነባርትን ዜግነት አልቦ ዝኾኑን እዮም፡ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ መመልከታ ንመጀመርታ ግዜን ንብድሕሪኡን ናብ ዝምልከቶም ትካላት የቕርቡ፡ ናይ ግሪኽ ሰብ መዚ ዘቕርብዎ ናይ ዑቕባ ዓይነት ክልተ እዩ :ስረዓተ ፖለቲካዊ ዑቕባን ስርዓተ ድጋፋዊ ዑቕባን እዩ።

ስረዓተ ፖለቲካዊ ዑቕባ ዝወሃቦ ሰብ ንመበቆል ሃገሩ ወይ ድማ ዜግነት አልቦ እንድሕር ኮይኑ ካብቲ አቀዲሙ ብልምዲ ዝነብረሉ ሃገር፡ ብምኽንያት ናይ ዞም ዝሰዕቡ ጉዳያት ንሕይወቱ ብምፍርሑ ተገዲዱ ከይፈተወ ካብቲ ሓገር ዝወጸ ምስ ዝኸውን እዩ፡ ብምኽንያት ብሔሩ ፣ሃይማኖቱ፣ዜግነቱ፣ፖለቲካዊ እምነቱ ፣ከምኡውን ካብ ፉሉይ ናይ ሕብረተሰብ ጉጅለ እንድሕር ኮይኑ እዩ።

ስርዓተ ድጋፋዊ ዑቕባ ዝወሃቦ ሰብ ነዚ አብ ላዕሊ ተሓቢሩ ዘሎ ቅድመኩነታት ስለዘየማልእ ከም ናይ ፖለተካዊ ዑቕባ ዝግብኦ ሰብ ተፈላጥነት አይወሃቦን እዩ፡ ግን አብልዕሊ እዚ ሰብ አብዚ እዋን ብዝተፈጠሩ አገደስቲ ምኽንያታት ሕይወቱ አብ ሓደጋን ስቃይን ከቢድ ጉዳአትን አብ መበቆል ሓገሩ ወይድማ አቀዲሙ ብልምዲ አብ ዝነብረሉ ሃገር ክበጽሖ እንድሕር ዝኽእል ኾይኑ፡ እዚ ሰብ ብምኽንያት ናይ ሞት ፍርዲ፤ ምርሻን ፣ ምስቃይ፣ዘይ ሰብ አውነት አተሓሕዛ ፣ዘዋርድ አተሓሕዛ እንድሕር ዘጋጥሞ ኾይኑ ከሙኡውን ብምኽንያት ዓለማውን ውሽጣውን ወተሃደራዊ ግጭታት እቲ ሰብ ሕይወቱ አብ ሓደጋ እንተልዩ ወይ ድማ ንሰብአዊ ሙሉእነት ዘስግኦ እንተኾይኑ ናይ ስርዓተ ድጋፋዊ ዑቕባ ይወሃቦ።

***መመልከታ አበይ ኢኹም ተእትዉ***

መመልከታኹም ንኽተእትዉ ዝምልከቶም ሓላፍነት መዚ ዘለዎም ትካላት ናይ መጀመርያ መቀበልን መረጋገጺ መንነት ማእከላት አብ ደሴታት ሌዝቮ፣ኺዮ፣ሳሞ፣ኮ፣ ሌሮ ከም ኡውን አብ ኤቭሮ ብኡመንገዲ ንዝመጹ፡ እንድሕር አብዘን አብ ላዕሊ ዘለዋ ቦታታት መመልከታ ከተእትዉ ዘይኪኢልኩም ከም አማራጺ መመልከታኹም አብ ናይ መጀመርያ መቀበልን መረጋገጺ መንነት ማእከላት ማላካሳን ዲያቫታን ከተእትዉ ትኽሉ ኢኹም፡ዝምልከቶም ሓላፍነት መዚ ዘለዎም ትካላት ናይ **አለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ** መመልከታ ዝግበር **አብ ዘባዊ ቤት ጽሕፈታት አገልግሎት ዑቕባን አብ ነብሰን ዝኸአላቤት ጽሕፈታት አገልግሎት ዑቕባን**.

እዩ፡

መመልከታ ዝግበር ብአካል ብምቕራብ እዩ ፡ እንድሕር ዘይተመዝገብኩም ብመንገዲ አዚ ዝሰዕብ **ኤሌትሮኒክ መድረኽ** ናይ ስደተኛታት ሚኒስትሪ ቆጸራ ብምግባር አብ ናይ መጀመርያ መቀበልን መንነት መረጋገጺ ማእከል ማላካሳን ዲያቫታን ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

እንድሕር ናብዚ ሃገር ብዘይ ሕጋዊ መስርሕን ሰነዳትን አቲኹም ወይድማ አብ ውሽጢ ሃገር ግሪኽ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕን ሰነዳትን እንድሕር ትነብሩ አለኹም ናብ ናይ መጀመርያ መቀበልን መንነት መረጋገጺ ማእከል ክትአትዉ ኢኹም፡ እንድሕር ካብ መንግስታዊ ትካላት ንመንነትኩምን ንዜግነትኩምን ዝገልጽ ሰነድ

እንድሕር ዘይብልኩም አብ መስርሕ ናይ ምቅባልን ምርግጋጽ መንነትን ክትአትዉ ኢኹም፡ናይ ግድን አብ ትካላት ናይቲ ማእከን ክሳብ እቲ መስርህ ናይ ምጽራይን መጽናዕትን ዝውዳእ ክትጸንሑ ኢኹም፡ እዚ ናይ ምጽናሕ እዋን ካብ ዕስራን ሓሙሽተን(25) ማዓልታት አይበልጽን እዩ።ብጥቅሉ እቲ መጽናዕቲ ናቲ መመለከታ ክወስዶ ዝኽእል ግዜ ካብ ዕስራ (20) መዓልታት ክሳብ ሽዱሽትው (6) አዋርሕ እዩ።

## *ምዝገባ ናይ መመልከታ*

ምዝገባኹም ብሙሉእነት ነዞም ዝሰዕቡ ሓበሬታታት ዘማልእ እዩ፡መንነታዊ ሓበሬታትኩም ፤መቦቆል ሃገርኩም፤ስም ናይ አቦኹም፤ስም ናይ አዴኹም፤ስም በዓል ቤትኩም ከም ኡውን ስም ደቅኹም፤ናይ ኢሜይል አድራሻ እንድሕር አልይኩም፤ናይ ባዮሜትሪክስ ማለት ናይ አጻብዕቲ አሰር ምርግጋጽ ፤ሙሉእ ሓበሬታ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ትሓቱሉ ዘለኹምሉ ምኽንያታት፤ ናይ መንበሪ አድራሻ ወይ ናይቲ ዘለኹሞ በታ፤ መመልከታኹም አብ ዝጽነዓሉ እዋን እትጥቀሙሉ እትደልይዎ ቋንቋ፤ ክውክለኩም ዝወሰንኩሞ አካል ወኪልኩም መን ምኻኑ ምሕባር።

ናይ አካላትኩምን ናይ አቅሑትኩምን ፍታሻ ከጋጥመኩም ይኽእል እዩ፡ ከምኡውን ናይ ሕክምና ምርመራ ንክትገብሩ ክግበር ይኽእል እዩ፡

መመልከታ አብ ተእትዉሉ እዋን በቲ ዝርዳአኩም ቋንቋ ምስቶም ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት መእንቲ ክትረዳድኡ ዝሕግዝ አተርጓሚ ክቀርበልኩም ኢዩ ፡ብመንገዲ እቲ አተርጓሚ ንመስርሕ ናይ ዑቕባ፤ከም ናይ ዓለም ለኻዊ ሓተቲ ዑቕባ ዘለኩም መሰላትን ጉብ አትን፤ከም ኡውን አብ ውሽጢ እቲ መስርሕ ንዘለዉ ናይ ግዜ ገደባት ክሕበረኩም እዩ።

አብቲ መዓልቲ ምዝገባ ናይ መመልከታኹም ሰእሊ ክትለዓሉ ኢኹም ከምኡውን ንስኹምን ናይ ቤተሰብኩም አባላትን ልዕ ሊ ዓሰርተ አርባዕተ ዓመት(14) ዕድመ ዝኾኑ ናይ አጻበዕቲ አሰር ክትህቡ ኢኹም፡ እቲ ዝሃብኩሞ ናይ አጻበዕቲ አሰር ብቀጥታ ናብ ናይ አውሮፓ ማእከላዊ መደበር ማለት ናብ EURODAC ክመሓላለፍ እዩ፡ብአጋጣሚ ን ስምምዕ«ዱቭሊንIII» አብ ዝተሰማምዕት አብ ካል እ ናይ አውሮፓ አባል ሃገር ናይ ዑቕባ መመልከታ አ እቲኹም እንድሕር ነይርኩም ናብቲ መጀመርያ ዘመልከትኩምሉ ሃገር ተመሊስኩም አብኡ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ክጽናዕ ክግበር እዩ፡.

ስምምዕ«ዱቭሊንIII» አየነይቲ ናይአውሮፓ አባል ሃገር ናይ ዑቕባ መመልከታኹም ክትምርምሮ ከምዘለዋ ዝውስን እዩ፡ ነዚ ንምውሳን ዝድርኹ ቅድመኩነታት ብመስርዕ እዞም ዝሰዕቡ እዮም፡ ሀ)ቤተሰባዊ ምትእስሳር ለ) ካብ አባል ሃገራት አብ ቀረባ እዋን ዝተወሃበ ናብ ውሽጢ ሃገር ንምእታው ዝተወሃበ ቪዛ (visa) ወይድማ ናይ መንበሪ ፍቃድ ሐ) ናብ ናይ አውሮፓ ሕብረት ብሕጋዊ ወይ ብዘይ ህጋዊ መንገዲ ምስትአትዉ :

አብ ኢድኩም ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ሰነድ ከም ኡውን ናይ መጓዓዝያ ሰነድ (ን አብነትፓስፖርት )ምስ ናይ ጉዳይኩም ምጽራይ አብ ዝግበር መስርሕ ርክብ ዘለዎ ፤ ንምርግጋጽ መንነትኩም ዝምልከት፤ናትኩምን ናይ ቤተሰብ አባላትኩምን ከተረክብዎ አለኩም።

አብ እዋን መመልከታ እትህብዎ ሓበሬታታት ብሙሉኡ ብ እምነትን ሚስጢራውነትን ዝተሓዝ እዩ፡ናይቲ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛታት አብ እዋን መጽናዕቲ ናይቲ ጉዳይኩም ብሚስጥርን እምነትን ክሕልውዎ ይግደዱ እዮም፡ ናብ ናይ ሃገርኩም
ሰብ መዚ እቲ ሓበሬታትኩም ከም ዝፈልጥዎ አይግበርን እዩ።

ምስ ውድባት ሕቡራት ሃገራት (O.H.E.)ላዕለዋይ ናይ ስደተኛታት ኮሚሽነር ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም፡ከም ኡውን ምስ ማሕበራት ናይ ሕጊ ድጋፍ፤ሕክምና፣ ስነልቦናዊ ድጋፍ ምስ ዝህቡ ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም።

እንድሕር ናይ ስቃይ ተጠቃዕቲ ወይ ድማ ናይ ዓመጽ ተጠቃዕቲ ወይ ድማ ካልእ ዓይነት ዓመጻዊ ተግባር ተጠቃዕቲ እንተ ኮይንኩም ነቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ ክትሕብርዎም አለኩም ምእንቲ ክሕግዝኹም።

ብናትኩም ምርጫ አብ መስርሕ ናይ ዑቅባ ጠበቃ ወይ ካልእ አማኻሪ ክሕግዘኩም ናይ ምግባር መሰል አለኩም (ብዘይ ምትእትታው ናይ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ )አብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ብመንገዲ ሰነድ ናይቲ ጠበቃ ወይ ድማ አማኻሪ ውክልና ክትህቡ ይግባእ፡እዚ ናይ ውክልና ሰነድ ሓቀኛ ማሕተም ምስተገብሮ እቲ ዝወከልኩሞ አካል ንክሕግዘኩም አብ እዋን ቃለመሕትት ብአካል ምሳኹም ክቀርብ፤አብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ወኪልኩም ክቀርብ ይኽእል እዩ።ክፍሊትን ወጻኢታትን ናይቲ ጠበቃ ወይ ካልእ አማኻሪ ንዓኹም እዩ ዝምልከት ።ንስኹምን እቶም ዝተወከሉ ጠበቃታት ወይ አማኽርቲ አብ ምምሕድዳራዊ ፋይልኩም ንዘለዉ ትሕዝቶታት ናይ ምፍላጥ መሰላት አለኩም ድሕሪ **መመልከታ**

ምግባርኩም።

ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ናይ ቃለመሕትት መዓልትኩም ክውስን እዩ ከምኡውን ናይ ዓለም ለኻዊ ሓታታይ ዑቅባ ካርድ ንሓደ (1) ዓመት ዘገልግል ክወሃበኩም እዩ፡እዚ ካርዲ እዚ ኩሉ ግዜ አብ ኢድኩም ክህሉ አለዎ፡አብ እዋን ናይቲ ምውጻእ ካርድ ናይ ግብሪ መለለዪ ቁጽሪ (ΑΦΜ) ከም ኡውን ግዝያዊ ማሕበራዊን ውሕስነትን ናይ ጥዕና ክንክን መለለዪ ቁጽሪ ናይ ደቂ ወጻኢ(ΠΑΑΥΠΑ) ክወሃበኩም እዩ።

እንድሕር ካብቶም ተነቀፍቲ አካላት ዝበሃሉ ምድብ እንድሕር ኮይንኩምን ናይ ቃለ መሕትት መዓልትኹም ካብቲ መመልከታ ዘእተኹምሉ መዓልቲ አብ ውሽቲ ዓሰርተ መአልቲ እንድሕር ኮይኑ ፡ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ (ክሳብ 3 መዓልታት) ምእንቲ ንቃለመሕትትኩም ንምድላው እኹል ግዜ ንክህልወኩምን ከም ኡውን ምስ አማኻሪኹምን አብቲ መስርሕ ንክትመኻኸሩ ግዜ ክህበኩም ይኽእል እዩ።አብቶም ተነቀፍቲ አካላት ዝበሃሉ ምድብ ዝምደቡ ሰባት እንድሕር ትሕተዕድመ ኮይንኩም ፤ ሽው ንሽው አብቲ ጉዕዞ አብ ባሕሪ ቤተሰቦም ዝተጎዲእዎም (ወለዲ፣ አሕዋት፣ውላዳት፣በዓል ቤት)፤አካለስንኩላን፤አረግቶት፤ጥኑሳት፤ ወላዲት/ወላዲ በይኑ ምስ ትሕተዕድመ ቆልዑ ፤ናይ ሰባት ንግዲ ተጠቃዕቲ፤ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም፤ ናይ ስነአእምሮዊን ስነልቦናዊን ስንክልና ዘለዎም፤ ከምኡውን ናይ ስቃይ ተጠቃዕቲ ዝኾኑን፤ዓመጽ ፣ካል ኦት ዓይነታት ጉድአታት ስነልቦናዊ አካላዊ ጾታዊ ዓመጽን ምጉዳል ምቁራጽ ናይ መውለዲ አካላት ከም ምኽንሻብ ኢዮም።

አብ እዋን ቃለመሕትት እቲ ዝሓተኩም ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛን አተርጓማይን አየናይ ጾታ ክኾነልኩም ከምትደልዩ ድልየትኩም ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም፡እዚ መመለታኹም ዝውሰን ብቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ኮይኑ እንድሕር ተኽእሎታት ሃልዩ ክትግበር እዩ።

## ***ዳግመ መመልከታ ንናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ***

ዳግመ መመልከታ ድሕሪ እቲ መጀመርያ ዘቅረብኩሞ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ናይ መወዳእታ ናይ ንጽገት ውሳኔ ካብ ፖሊስ ወይ ካብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ ካብ ናይ ይግባይ ኮሚቴ ሰብ መዚ ምስተወሃበኩም ፡ወይ ካብቲ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ አቀዲምኩም ዘቅረብኩሞ ማመለከቻ ባዕልኹም

ብምንሳሕብኩም ከምብሓድሽ ዝግበር መመልከታ እዩ፡

ዝምልከቶም ትካላት ንምምልካት ዳግመ መመልከታን ንዝተፈጠሩ **ሓደሽቲ ሓበሬታታትን ሰነዳትን ኩነታ**ትን ዘባውያን ቤት ጽሕፈታታ ዑቅበን ነብስን ዝኸአላ ናይ አገልግሎት ዑቅባ ትካላት ኮይነን አብቲ ትነብሩሉ ቀረባ አብ ዝኾና ብምኻድ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንመመልከታ ዳግመ መመልከታ ንምግባር ቆጽራ ንምሕዝ ምስትደልዩ አብ ናይ ሚኒስትሪ ስደተኛታት ኤሌትሮኒክ መድረኽ ብምእታው ቆጸራ ሓዙ።

ድሕሪ ናይ መመልከታ ናይ ዳግመ መመልከታ ምግባርኩም ናይ ዓለም ለኻዊ ሓታታይ ዑቅባ ካርድ **አይወሃበኩም** እዩ።

ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ነቲ ዘቕረብኩሞ ሓበሬታታይትን ሰነዳትን ብምምርማር አብቲ ዘቕረብኩሞ መመልከታ ዳግመ መመልከታ ሓዲሽን አገዳስን ነገር ከምዘለዎ ብምጽናዕ ውሳኔ ከውጸእ እዩ፡እቲ መመልከታ ናይ ዳግመ መመልከታ ተቀባልነት እንድሕር ረኺቡ ጥራይ ናይ ዓለም ለኻዊ ሓታታይ ዑቅባ ካርድ ክወሃበኩም እዩ፡ ብድሕሪኡ ናይ ዑቅባ መመልከታኹም ብ ናይ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ክጽናዕ እዩ።

እንድሕር ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ንናይ ዳግመ መመልከታ መመልከታኹም ነጺግዎ፡ አብቲ ውሳኔ ዝተወሃበኩም ሰነድ ከምዝሕብሮ አብ ውሽጢ ሓሙሽተ (5) መዓልታት ናይ ግዜ ገደብ ናብ **ናይ ይግባይ ኮሚቴ ሰብ መዚ** ይግባይ ክትብሉ አለኩም፡

ካልአይ ግዜ ዳግመ መመልከታ እንድሕር ገይርኩም አብ እውን ምምርማር ናይቲ መመልከታኹም ብቀጥታ ካብ ንሃገርኩም ምምላስ /ምጥራዝ አይከላኽልኩምን፡

ካልአይ ግዜን ብድሕሪኡን እንድሕር መመልከታ ገይርኩም ንነብስ ወከፍ መመልከታ ምስቲ መመልከታ ክፍሊት (ሰለስተ ሚእቲ)(300€) ኢሮ ከተእትዉ አለኩም እቲ ክፍሊት (ፓራቮሎ) ዝኽፈል በኤሌትሮኒካዊ መንገዲ ኤሌትሮኒካዊ ክፍሊት (e-Παράβολο). እዩ ስድራ ቤት እንድሕር ኮይንኩም እቲ ክፍሊት ብነብስ ወከፍ አባል ናይቲ ስድራቤት እቲ አብ ላዕሊ ዘሎ ዓቀን እዩ ዝኸውን፡

## 2. ቃለ መሕትት ዓለም ለኻዊ ዑቅባ

እቲ ዝግበር ቃለመሕትት ብቃዓት ብዘለዎ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ኮይኑ ንሱ ነቲ አድለይቲ ዝኾኑ ነገራት ብምድላው ፡ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ አብ ዝወሰኖ መዓልትን ሰዓትን እቲ ቃለ መሕትት ክግበር እዩ።

ንዝሓተኩም ሕቶታት ብቅንዕናን ብሙሉእነትምን ክትምልሱ አለኩም፡እቲ ተቕርብዎ ጉዳያት ፍጻሜታት ሓቀኛን ሙሉእነትን ዘለዎ ክኸውን አለዎ ፡ከምኡውን ዝኾነ ይኹን ሓበሬታታት ምስ ጉዳይኩም ምትእስሳር ዘለዎም ክትሓብኡ አይግባእን ፡እንድሕር ሓቀኛ ዘይኮነን ዘይተገብሩ ፍጻሜታትን አቕሪብኩም አብ አተሓሕዛ ናይቲ መመልከታኹም አሉታዊ ተጽዕኖ ከሕድር እዩ፡
እቲ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ አብ እዋን ቃለመሕትት ብፉሉይነት ነቲ አብ መመልከታኹም ዘቕረብኩሞ ሓበሬታታት ክሓተኩም እዩ፡ መንነታዊ ሓበሬታታት ናይ መንነትኩም ፤ ብኸመይ መንገዲ ናብ ግሪኽ ከምዝመጸእኩም፤ ካብ መበቆል ሃገርኩም ወይ ድማ ካብቲ ትነብሩሉ ዝነበርኩም ሃገር ዘውጸአኩም

ምኽንያት፤እንድሕር ዜግነት አልቦ ኮይንኩም ናብታ ሃገር ክትምለሱሉ ዘይትኽእሉሉ ወይ ድማ ዘይትደልዩሉ ምኽንያት ።አብ እዋን ቃለመሕትት ንጉዳይኩም አገዳሲ እዩ ኢልኩም ትአምኑሉ ዝኾነ ይኹን ሰነዳትን ሓበሬታታትን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኩሎም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ናይ ቤተሰብ አባላት በብ ውልቆም ቃለመሕትቶም ክገብሩ እዩም፡ናይቶም ትሕተ ዕድመ ንዘለዎም ብስለት ስነልቦናዊ ኩነታቶምን ሳዕቤኑን ጉዳቱን ዘሕለፍዎ ህይወትን አብ ግምት ብምእታው ብውልቆም ቃለመሕትት ክገብሩ ኢዮም።

አብ እዋን ቃለመሕትት አተርጓማይ ክህሉ እዩ ፥እቲ ዝህሉ አተርጓሚ በቲ ዝርዳአኩም ቋንቋ እዩ ዝኸውን፡ አቕርቦት አተርጓሚ ብናጻ እዩ።

አብ እዋን ቃለ መሕትት ጠበቃ ወይ ካልእ አማኻሪ (ሓኪም ናይ ስነልቦና በዓል ሞያ ናይ ማሕበራዊ በዓል ሞያ)ምሳኹም ክቀርብ ይኽል ኢዩ፡አብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ብመንገዲ ሰነድ  ውክልና ክትህቡ ይግባእ መእንቲ አብ እዋን ቃለ መሕትት አብ ጎድንኹም ምእንቲ ክርከቡን ወይ ድማ አብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቕባ ን ዓኹም ወኪሎምኹም  ክቀርቡን ፥ክፍሊትን ወጻኢታትን ናይቲ  ጠበቃ ወይ ካልእ አማኻሪ ንዓኹም እዩ ዝምልከት።

አብ እዋን ቃለ መሕትት እቲ ትብልዎ ብሙሉኡ ብሚስጥር  እዩ ዝዕቀብ ፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ናብ ናይ መበቆል ሃገርኩም ሰብ መዚ አይሕበርን እዩ፡ ናብ ካልኦት ናይ ግሪኽ  ሰብ መዝታት ግን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

እቲ ቃለ መሕትት ድምጺ ይቕዳሕ እዩ፡እቲ ሰራሕተኛ ነቲ  አብ እዋን ቃለ መሕትት ዝቀርቡ ሕቶታትን መልስታትን ብሙሉኡ ክምዝግቦ እዩ ምእንቲ (ቃለጽሑፍ) ክዳሉ፡እንድሕር እቲ ቃለመሕትት ድምጹ ዘይተቀዲሑ ነቲ ዝተመዝገበ ጽሑፍ ብሓገዝ ናይቲ አተርጓሚ ከተጻርይዎ አለኩም፡ ነቲ ቃለጽሑፍ ምስ አረጋገጽኩም ወይድማ ጌጋተት ተሊይዎ ምስተአረመ ትፍርሙ።ብድሕሪኡ መመልከታ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም ነቲ ቃለጽሑፍ ወይ ድማ ነቲ ዝተቀድሔ ድምጺ ንክወሃበኩም፡ቃለ መሕትት ብመንገዲ ቴሌኮንፈረንስ ናይ ምግባር ተኽእሎታትውን አሎ፡

### 3. ውሳኔ ንናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ  መመልከታ ብዝምልከት፡

ብድሕሪ እቲ ቃለመሕትት ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቕባ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ወይ ሰብ መሰል ድጋፋዊ ዑቕባ ከምዝግባአኩምን ወይድማ መመልከታኹም ከምተነጽገ ውሳኔ ከውጸእ እዩ። እቲ ናይ ጉዳይኩም ሓላፊ ንመመልከታኹም ብዝምልከት ዘውጸኦ ውሳኔ ነዚ አብታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ አብ ግምት ብምእታው እዩ፡ አብ እዋን ቃለመሕትት ብዝገለጽኩም ብዝሓበርኩሞ፤ንናይ መመከታኹም ብዝምልከት ዘቕረብኩሞ ሰነዳት፤ምስ መበቆል ሃገርኩም ምትእስሳር ንዘለዎም ሓበሬታታት ብምርአይ ከምኡውን ኩሉ አብ ምምሕዳራዊ ፋይልኩም ንዘለዉ ሓበሬታታ ብምርአይ እዩ።

መመልከታኹም  አብ ከይዲ ከሎ ክተንሳሕቡ ትኽእሉ ኢኹም፡.

እንድሕር መመልከታኹም ንናይ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ተነጺጉ ናይ ምምላስ ውሳኔ ክወጻአልኩም እዩ፡

እቲ ዝወሃበኩም ናይ ውሳኔ ሰነድ ምስኡ ተወሳኺ ናይ መሰነይታ ጽሑፍ ኮዪኑ እቲ መሰነይቲ ነቲ ትሕዝቶን ሳዕቤናትን ናይቲ ውሳኔ ብዝርዳአኩም ቋንቋ ብቀሊልን ብቡርህን ዝሕብር እዩ።

ንውሳኔኹም በዘን ዝሰዕባ መንገድታት ክትርከቡ ትኽእሉ፡ ብአካል ብምቅራብ ፤ብመንገዲ ናይ ሓደራ ደብዳቤ ናባኹም (ወይ ናብ ጠበቃኹም )፤ ብመንገዲ ኢመይል (email)

እንድሕር መመልከታኹም ተነጺጉ ወይድማ ስር ዓተ መንበሪ ድጋፋዊ ዑቅባ እንድሕር ተዋሂቡኩም እሞ ግን እስኹም ናይ ስርዓተ መንበሪ ናይ ፖለቲካዊ ዑቅባ ይግበአኒ እዩ ትብሉ እንድሕር ኮይንኩም [ናይ ይግባይ ሕቶ ናብ ሰብ መዚ ይግባይ (አብ ካልአይ ደረጃ)](#) ምቅራብ መሰል አለኩም። ናይ ግድን ናብ ዘባዊ ቤትጽሕፈት ዑቅባ ወይድማ ናብ ነብሱ ዝኸአለ ናይ ዑቅባ ትካል ብምኻድ ይግባይኩም ብምእታው ከተመልክቱ አልኩም፡ እቲ ናይ ግዜ ገደብ ብመሰረት እቲ ናይ ንጽገት ውሳኔ ክወሃበኩም ከሎ አብቲ ውሳኔ ብዝተገልጸ ናይ ግዜ ገደብ ከተእትዎ አለኩም።

እንድሕር ስርዓተ መንበሪ ናይ ፖለቲካዊ ዑቅባ ወይ ድማ ስርዓተ ድጋፋዊ ዑቅባ ከምዝግባአኩምን ውሳኔ ተተዋሂቡኩም [ናይ መንበሪ ፍቃድ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ](#) ካብ ግሪኽ ሪፓፐሊክ ከተውጸኡ ትኽሉ ኢኹም።

## 4 ብዛዕባ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ እንታይ ክትፈልጡ ይግባእ፡

ድሕሪቲ ሙሉእ ምዝገባ ምስገበርኩም መመልከታ (ምስ አእተኹም) ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ (ΔΑΔΠ) ክወሃበኩም እዩ። እዚ ካርድ ናይ አገልግሎት ግዚኡ ካብ ሰላሳ (30)መዓልታት ክሳብ ሓደ(1) ዓመት ከከም ኩነታት ናይቲ መስርሕ ናይቲ ጉዳይኩም ዝጽናዓሉ መንገዲ እዩ፡ በዚ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ (ΔΑΔΠ) ክሳብ ናይ መመከታኹም ምርመራ ዝውዳእ አብ ግሪኽ ንክትጸንሑ የፍቅድ እዩ ፡ እንድሕር እቲ ዝገብርኩሞ መመልከታ አሉታዊ ውሳኔ እንተተውሃቢኩም እቲ ካርድ አገልግሎቱ ጠጠው ከብል እዩ ።

እቲ ዝተወሃበኩም ካርድ ብናይ ኤሌክትሮኒክ መንገዲ ዝተመዝገበ ኾይኑ ብኸምኡ መንገድውን ይሕደስ፡

ነቲ ዝተወሃበኩም ካርድ ብጽቡቅ ሓዝዎ ፡ኩልግዜ ካብ ኢድኩም ክፍለ የብሉን ምኽንያቱ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ መመልከታ ከምዘእተኹም መረጋገጺ ስለዝኾነ።

ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ ግዝያዊ ካርድ እዩ ዝተወሰኑ [መሰላትን ጉብአትን](#) እዩ ዘቅርብ ከም ኡውን ምስ [መንበሪ ፍቃድ](#) **አይመዓረረይን እዩ** ።

እዚ ካርድ ነዞም ዝሰዕቡ አካልት አይወሃብን እዩ ፡ አብ ትሕቲ ቀይዲ ንዘለዉ፤አብ መስርሕ ናይ መጀመርያ መቀበልን መንነት መረጋገጽን ንዘለዉ፡ናይ ዳግመ መመልከታ ዝገበሩ ሰባት ክሳብ ጉዳዮም ተራእዩ ነቲ ዘቅረብዎ ናይ ዳግመ መመልከታ ተቀባልነት ክሳብ ዝረክብ ።
ብዘይካቲ ናይቲ ሰብ መንነታዊ ሓበሬታታት አብ ልዕሊ እቲ ካርታ ዝተወሃበሉ ዕለት ፤ናይ አገልግሎትት ግዜ ከም ኡውን ግዝያዊ ማሕበራዊን ውሕስነትን ናይ ጥዕና ክንክን መለለዪ ቁጽሪ(ΠΑΑΥΠΑ) አለዎ።

እቲ ኦርጂናል ኩሉ ግዜ ካብ ኢድኩም ክፍለ የብሉን ብፍላይ ምስ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ አብ ዝግበር ርክባት ኦርጂናል ከተቅርቡ አለኩም፡ብፍላይ አብ እዋን ቃለመሕትት ፎቶኮፒ ምቅራብ ተቀባልነት የብሉን።

እንድሕር ክሳብቲ ናይ አገልግሎት ግዚኡ ዝውደእ ናይ መመልከታኹም ውሳኔ እንድሕር ዘይተወሂቡኩም ነቲ ካርድ ከተሕድስዎ አለኩም።

ነቲ ካርድ ንምሕዳስ ነቲ ናይ ቀደም ካርድ ከተቅርቡ አለኩም፡

ነቲ ካርድኹም ንምሕዳስ ዘለኩም ናይ ግዜ ገደብ እቲ ካርድ ምስተቃጽለ ክሳብ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ፡ **እንድሕር ነቲ ካርድኹም ዘየሐዲስኩሞ ክሳብ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ምቅጻሉ እቲ ካርድ አገልግሎቱ ጠጠው የብል ከሙኡውን መመልከታኹም ክቋረጽ እዩ።**

ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ንካርድኹም ንምሕዳስ ብቴክኒካዊ ወይ ብካልእ ምኽንያት እቶም ናይ

ኣገልግሎት ትካላት ብዝምልከት ጉዳዩ ከሐድስ እንድሕር ዘይኪኢሉ፡ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ኣብ ኤሌትሮኒካዊ መድረኹ ኩሉሰብ ም እንተ ክፈልጦ ሓበሬታ ከውጸእ እዩ፡ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነተት ካርድኹም ብቀጥታ ክሕደስ እዩ።

**ንመመልከታ ምጥፋእ ካርድ ዝምልከት**

ብ ኣጋጣሚ እንድሕር ካርድኹ ጠፊኡኩም ንቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ሓድሽ ካርድ ንክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡

ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ መመልከታ ንናዓለምለኻዊ ዑቅባ ከምዝገበርኩምን ናይቲ ካርድኹም ቁጽሪ ዝገልጽ መረጋገጺ ሰነድ ክህበኩም እዩ።

ብድሕሪኡ ናብ ናይ ግሪኽ ፖሊስ ብምኻድ ካርድኹም ከምዝጠፋኣኩም መመልከታ ትገብሩ፡

ካብ ፖሊስ ናይቲ ዝገመርኩሞ መመልከታ ቅዳሕ ማሕተም ዘለዎ ምስወሰድኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ናይ ግድን ሒዝኩሞ ብምምጻእ ሓዲሽ ካርድ ንክወሃበኩም መመልከታ ከተእትዉ ኣልኩም፡ እቲ ሓድሽ ካርድ ንክወጽእ ተወሓደ ክልተ ኣዋርሕ ክሓልፋ ኣለወን ቅድሚኡ ኣይወጸን እዩ።

## 5. መሰላትን ጉቡኣትን ናይ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ

**ሀ)መሰላት ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ**

ከም ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ኣብ ግሪኽ እዞም ዝሰዕቡ መሰላት ኣለኩም

- ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ ክወሃበኩም እዩ፡ በዚ ካርድ እዚ ኣብ ሙሉእ ሃገር ግሪኽ ብሕጋዊ መንገዲ ንክትንቀሳቀሱ መሰል ይህበኩም እዩ፡
- ክሳብ ዘቅረብኩሞ መመልከታ መጽናዕቲ ዝውዳእ ኣብ ግሪኽ ክትጸንሑ መሰል ኣለኩም ፡ክሳብ እቲ ዘቅረብኩሞ መመልከታ መጽናዕቲ ዝውዳእ ምጥራዝ ኩልኩል እዩ።
- ኣብ ውሽጢ ሃገር ብነጻነት ክትንቀሳቀሱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ብፍሉይ ግን እቲ ዝተወሃበኩም ናይ ሓተተ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ ካብ ፉሉይ ትካል ናይዚ ሃገር እንድሕር ኮይኑን ናይ ጆግራፊያዊ እገዳ እንድሕር ኣልይዎ ኣብቲ ዘለኹሞ ቦታ ጥራይ ኢኹም ትንቀሳቀሱ።
- ንምዕባለታት ናይቲ ዘቅረብኩሞ መመልከታ፤ ናይ ግዜ ገደባት ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃተት ፤ናይ ይግባይ መሰላትን ንመመከታኹም ዝምልከት ውሰኔ ሓበሬታታት በቲ ዝርደኣኩም ቋንቋ ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለኩም፡
- ኣተርጓማይ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ናይ መመልከታኹም ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም ፡ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብፉሉይነት ድማ ኣብ እዋን ቃለመሕትት ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ።
- [ናብ መበቆል ሃገር ብድልየት ናይ ምምላስ]() መሰል
- ምስ ውድባት ሕቡራት ሃገራት (O.H.E.)ላዕለዋይ ናይ ስደተኛታት ኮሚሽነር ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም፡ከም ኡውን ምስ ማሕበራት ናይ ሕጊ ድጋፍ፤ሕክምና፣ ስነልቦናዊ ድጋፍ ምስ ዝህቡ ክትራኸቡ ትኽሉ ኢኹም።

- መሰላት ቁጠባዊ ሓገዝ ስራሕ ስለዘይብልኩምን ንወጻኢታትኩም ንክትሽፍኑ ኣታዊ ስለዘይብልኩም
- መሰል ናይ መጽለሊ ኣብ ማእከል ናይ ኣጋይሽ መቀበሊ ወይድማ ኣብ ካልእ መጽለሊ (ኣብ መደባት መጽለሊ ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ገዛውቲ ወይ ኣብ ሆቴላት)፡
- መሰል ናይ ስራሕ ፡ ናይ ግሪኽ ሕጊ ቅድመ ኩነት ብዘማልእ መንገዲ ድሕሪ ሱሳ (60) መዓልታት ካብቲ መዓልቲ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ መመልከታ ዘእተኹምሉን ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ ምስ ኣውጻእኩምን ።
- መሰል ውህበት ናይ ግብሪ መለለዪ ቁጽሪ (AFM).
- ሰራሕተኛታት ዘለዎም መሰላትን ጉቡኣትን ናይ ውሕስነትን ሕክምናን ልክዕ ከም ዜጋታት ናይ ግሪኽ እዩ፡
- መሰላት ናይ ምርካብ ሓካይምን መድሃኒትን ከምኡውን ሆስፒታላዊ ክንክን ብመንገዲ ውህበት ግዝያዊ ማሕበራዊን ውሕስነትን ናይ ጥዕና ክንክን መለለዪ ቁጽሪ ናይ ደቂ ወጻኢ(PAAYPA) ።
- መሰላት ናይ ትምሕርቲ ምርካብ ንትሕት ዕድመ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቅባ ኣብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ፡
- መሰላት ናይ ትምሕርቲ ምርካብ ኣብ ካላኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንለዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቅባ ፡
- መሰላት ምርካብ ናይ ሞያዊ ፍልጠት ስልጠና፡
-
- **ለ)ጉቡኣት ናይ ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ**

- **ከም ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ኣብ ግሪኽ እዞም ዝሰዕቡ ጉቡኣት ኣለኩም**

- ናብ ግሪኽ ልክዕ ምስ ኣተኹም ብቀጥታ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ መመልከታ ከተእትዉ ኣለኩም ፡
- ካርድ ናይ ሓተቲ ዑቅባ ኩልግዜ ምሳኹም ክህሉ ኣለዎ ፡ናይ ሓተቲ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ካርድ ግዝያዊ ካርድ እዩ ዝተወሰኑ መሰላትን ጉብኣትን እዩ ዘቕርብ ከምኡውን ምስ መንመሪ ፍቃድ ኣይመዓረረይን እዩ ፡
- ኣብ እዋኑ እቲ ካርድኹም ከይትቃጸለ ከሎ ከተሐድስዎ ኣልኩም እንተደንጎየ እቲ ካርድ ምስተቃጽለ ክሳብ ድሕሪ ሓደ ናይ ስራሕ መዓልቲ ጥራይ እዩ ከተሐድስዎ ትኽእሉ፡
- ክሳብ እቲ ናይ መመልከታኹም መጽናዕቲ ዝውዳእ ኣብ ግሪኽ ክትጸንሑ ኣለኩም ፡ካብ ግሪኽ ወጻኢ ክትጓዙ ኣይትኽሉን –ብፉሉይነት ብቡርቱዕ ብሰብኣውነት ምኽንያት ብዝተፈጥረ ኩነት ብምኽንያት ከቢድ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም እታ ካልእ ሃገር ንስኹም ኣብኡ ንክትርከቡ እንድሕር ዓዲማ ናይግድን ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ መመልከታ ክትገብሩ ኣለኩም ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ምእንቲ ክዳለወልኩም ፡
- ምስቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ ናይ ግሪኽ ኣብ መስርሕ ናይ መመልከታኹምን ንምጽራይን ንምርግጋጽን ናይ መንነትን ንተቅርብዎ ሓበረታታት ምትሕብባር ክትገብሩ ግዴታኹም እዩ፡፡
- ናብ ቤት ጽሕፈት ዑቅባ ኣብቲ ዝተመደበልኩም ናይ ቃለመሕትት ቆጸራ ክትርከቡ ኣለኩም፡
- እቶም ዝምልከቶም ሓለፍቲ ብኣካል ንክትርከቡ መጸዋዕታ ኣብ ዝገብሩልኩም እዋን ኣብ እዋኑ ከይደንጎኹም ክትርከቡ ኣለኩም፡
- ናይ መግዓዝያ ሰነድ ( ፓስፖርት) እንድሕር ኣሊዩኩም ከተረክብዎ ይግባእ ፡ከሙኡውን ዝኾነይኹን ሰነድ ምስ መመልከታኹም ርክብ ዘለዎን ምስ ምርግጋጽ ናይ መንነትኩም ርክብ ዘለዎ ከተቅርብዎ ይግባእ፡
- ናይ መራኸቢታት መንገድታትኩምን ናይ መንበሪ ኣድራሻኹም ኣብ እትቅይሩሉ እዋን ንቤትጽሕፈት ዑቅባ ክትሕብሩ ኣለኩም ፡ ኣብዚ ዝሰዕብ ድሕረ ገጽ ምቅያር ኣድራሻ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም ኤሌትሮኒካዊ መመልከታ ናይ መራኸቢ መንገድታት ለውጢ ቤትጽሕፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ብመንገዲ ናይ መራኸቢ ኣድራሻታት ማለት (email, ናይ መንበሪ ኣድራሻ) ብዘመዝገብኩሞ መሰረት ምስ

መመልከታኹም ርክብ ዘለዎም ሰነደት ክሰደልኩም እዩ።

- ድሕሪ ናብ ግሪኽ ምምጻእኩም ብድሕሪ ናትኩም ምዝገባ መመልከታ ምግባርኩም ንዝወለድኩሞ ውላድ ንክምዝገብ ናብ ቤትጽሕፈት አገልግሎት ዑቅባ ክትመጹ አለኩም። ናይ ውላድኩም ናይ ልደት ሰርተፊከት ሒዝኩም ክትመጹ አለኩም።
- አብ ዝተፈላለየ ደረጃ መስርሕ መጽናዕቲ ናይቲ መመልከታኹም ንዝህልዉ ናይ ግዜ ገደብ ናይ ግድን ክትሕልዉ አለኩም፡
- ካብ መንግስቲ ድጋፍ ዝግበረልኩም እንድሕር ኮይኑ ነቲ ዘለኩም ቁጠባዊ ኩነታት ክትሓብኡ የብልከኡምን
- [አብ ናይ መጀመርያ መቀበሊን ናይ መንነት መረጋገጺ ማእከል ናይ አጋይሽ መቀበሊ ማእከል ወይ አብ ዝኾነይኹን ካልእ መጽለሊ ](#) እንድሕር ትነብሩ ኮይንኩም ነቲ ናይ አሰራርሓ ደንብታት ናይ ግድን ክትክተሉ አለኩም፡ከም ኡውን ነቶም ዝምልከቶም አካላት ከይሓበርኩም ነቲ ቦታ ገዲፍኩም ክትወጽኡ የብልኩምን፡

- ካልአይ ግዜን ብድሕሪኡን እንድሕር መመልከታ ገይርኩም ንነብስ ወከፍ መመልከታ ምስቲ መመልከታ ክፍሊት(ሰለስተ ሚእቲ)(300€) ኢሮ ከተእትዉ አለኩም እቲ ክፍሊት (ፓራቮሎ) ዝኸፈል በኤሌትሮኒካዊ መንገዲ [ኤሌትሮኒካዊ ክፍሊት (e-Παράβολο)](#). እዩ ስድራ ቤት እንድሕር ኮይንኩም እቲ ክፍሊት ብነብስ ወከፍ አባል ናይቲ ስድራቤት እቲ አብ ላዕሊ ዘሎ ዓቀን እዩ ዝኸውን፡

አብ ላዕሊ ተገሊጾም ንዘለዉ ጉብአት ዘይምኽባርን ምስ ዝምልከቶም ሰብ መዚ ዘይምትሕብባር ብፍላይ ንመመልከታኹም ንምምርማር አድለይቲ ንዝኾኑ ሓበሬታታት ንምእካብ አብ ዝግበር ጻዕሪ ምስቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ ዘይምርኻብን ዘይምትሕብባር ብሰንኪ ዘይምትሕብባርኩም ነቲ ናይ መመልከታ ምርመራ መስርሕ ከይውዳእን ዕንቅፋት ምኻንን፡ ነቲ ናይ ዓለም ለኻዊ መመልከታኹም ከምዝንጸግ ክግበር ይኽእል ኢዩ፡.

አብ ላዕሊ ተገሊጾም ንዘለዉ ጉቡአት ዘይምትግባር ይወሃቡ ንዝነበሩ (ን አብነት ዝወሃቡ ሓገዛት ፤መጽለሊ፣ ወዘተ) ክጎድሉን ክቃረጹን ይኽእሉ ኢዮም።

**6 ብድልየትኩም ናብ መቦቆል ሃገርኩም ምምላስ፡**

ካብ መስርሕ ናይ ዑቅባ ወጺእኩም ብድሌትኩም ናብ መቦቆል ሃገርኩም ክትምለሱ እንድሕር ደሊኹም መሰል አለኩም፡

ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ድልየትኩም ዘፍለጥኩም ብሙሉእኩም ተወሳኺ ሓበሬታታት ካብ ናይ አለም ለኻዊ ናይ ስደተኛታት ውድብ ማለት (I.O.M.) ኽወሃበኩም እዩ፡ እዚ ውድብ ነቲ ናይ ምምላስ መስርሕ ሓላፍነት ይወስድ፡

አብ ትሕቲ ናይ አለም ለኻዊ ናይ ስደተኛታት ውድብ ንዘሎ ናብ ሃገርካ ናይ ምምላስ መደባት ብዝበለጸ ሓበሬታታት ንምርካብ ምስትደልዩ [አብዚ](#) ተወከሱ።

**አብ መወዳእታ ክንሕብረኩም ንደሊ ናብ ናይ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ አብ ትመጹኡሉ እዋን ፡ ብረት ፣ጎዳእቲ በላሕቲ መሳርሒታት፣ ካልኦት ግኡዛት ጉዳአት ከሰዕቡ ዝኽእሉ፤ ነትጉቲን ተባራዕትን ግኡዛት ፤ኬሚካላትን መርዛማት ንጥረነገራት ሒዝካ ክእቶ ከምዘይፍቀድ ክንሕብረኩም ንፈቱ።**